# መገዲ ናብ እግዚኣብሄር





©2011 World Missionary Press, Inc. Cover art, Edwin B. Wallace.

# እግዚኣብሄር ንዓለምናን ንኹሉም ህያው ነፍሲ ዘሎዎም ገበረ


"ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ።" ዘፍ 1:1

"ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ ዚርኤን ዘይርኤን ...... ኩሉ ብእኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ ኩሉ ብእኡን ንእኡን እዩ እተፈጥረ።"
ቆሎሴ 1፥16

"በቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚአብሄር እተባረኽኩም ኢኹም። ሰማያትሲ ናይ እግዚአብሄር እዮም ምድሪ ግና ንደቂ ሰብ ሀቦም።" መዝ 115፥15–16

ምድሪ አምላኽ ንሰብ ክህቦ ከሎ ፍጽምቲ ነበረት እዛ ንእሽቶ መጽሐፍ አንብባ እንታይ ከምዝኸነ ክትረኽቦ።

# ኣምላኽ ንዓና ገበረ



"ኣምላኽ ከኣ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር...ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ ለመምታን ይግዝኡ በለ።" ዘፍ 1፥26

"እግዚአብሄር አምላኽ ከአ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ትንፋስ ህይወት ኡፍ በለሉ እሞ እቲ ሰብ ህያው ነፍሲ ኾነ።"

ዘፍ 2፥7

"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከአ ሰብኣይ በይኑ ኪኾውን ጽቡቕ ኣይኰነን ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ክገብረሉ እየ በለ...እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከአ ነቲ ሰብኣይ ከቢድ ድቃስ ኣውደቐሉ ደቀሰ ድማ። ካብ መስንገሊኡ ሻአ ሓንቲ ወሰደ ኣብ ስፍርአ ድማ ስጋ መልኣ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ነታ ኻብ ሰብኣይ ዝወሰዳ መስንገለ ሰበይቲ ገይሩ ስርሓ እሞ ናብቲ ሰብኣይ ኣምጽኣ።"

ዘፍ 2፡18፤21–22

* ህያው ነፍሲ ማለት ንሕና ንዘልአለም ኣብ ገለ ቦታ ንነብር ኢና ማለቱዩ።

# ኣዳምን ሄዋንን ንእግዚኣብሄር ኣይተአዘዙን



ድምጺ ሰይጣን ጽን ክንብሎ አይግበአናን።

"እግዚአብሄር ኣምላኽ ከአ ንሰብ ወሲዱ ኪዐይያን ኪሕልዋን ኣብ ገነት
ኤደን ኣቐመጦ። እግዚአብሄር ኣምላኽ ድማ ንሰብ ካብ ኩሉ ኦም ገነት
ከም ዝደሌኻ ብላዕ ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ካብኣ
ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ ካብኣ
ኣይትብላዕ ኢሉ ኣዘዞ።" ዘፍ 2፡15-17

*እቲ ተመን ዲያብሎስ ወይ ከኣ ሰይጣን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ድማ ስልጣን
እግዚአብሄር ሐተተ ሓሶትውን ነገረ።*


"እቲ ተመን ድማ ነታ ሰበይቲ ኣይፋልኩም ኣምላኽ ደኣ ካብኣ
ምስ እትበልዑ መዓልቲ ኣዒንትኹም ከም ዚኽፈታ ከም
ኣምላኽውን ከም እትኾኑ...ከቶ ኣይትሞቱን ኢኹም በላ። እታ ሰበይቲ
ድማ እታ ኦም ምብለዓ ጥዕምቲ ንዒንቲ ኸኣ ጽብቕቲ ጥበብ
ብምሃባውን እተብህግ ኦም ምኻና ርእያ ካብ ፍሪኣ ወሲዳ በልዔት
ምስኣ ኸኣ ንሰብኣያ ሀበቶ ንሱውን በልዔ።" ዘፍ 3፡4-6

# ኣዳምን ሄዋንን ኣብ ኤደን ክቕመጡ ብድሕሪኡ ኣይከኣሉን



"ስለዚ ነታ እተፈጥረላ ምድሪ ምእንቲ ኺዓይያ ድማ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ገነት ኤደን ኣውጽኦ...ንምሕላው መገዲ ኦም ህይወት ከኣ ብሸነኽ ብራቕ ገነት ኤደን ምስናይ እተምበልብል ሃልሃልታ ሴፍ ኪሩቤል ኣቐመጠ።" ዘፍ 3፡23,24

# ኣዳምን ሄዋንን ዝሓጥኡላ መዓልቲ ንዘርኢ ሰብ እተጉሂ ነበረት




"ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ ብሓጢኣትውን ሞት ኲላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ ሞት ናብ ኲሉ ሰብ ሓለፈ።"
ሮሜ 5፥12

## ክዝከር ዘለዎ ነገር

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ምስ ሓጥእ ባህሪ ተወሊዱ ሓደ መዓልቲ ከኣ ክመውት እዩ ብሰሪ ሓጢኣት ዝመጸ ሞት።

(ሮሜ 5፥12 ደጊምካ ኣንብብ)

# 8 ንዓና ንምድሓን ናይ እግዚአብሄር ዕላማ እቲ ሐደ ወዱ ብምስዳድ ነበረ



"ወዲ ኽትወልድ እያ ንሱ ኸኣ ንህዝቡ ኻብ ሓጢኣቶም ኬድሕኖም እዩ እሞ ስሙ የሱስ ክትስምዮ ኢኻ።"

ማቴ 1፥21

ኣብዓሌት ሰብ ንምእታው ወዲኣምላኽ ከም ሕጻን ሰብ ከይኑ ከመጽእ ነበሮ።

"ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ሐዲርዎ እዩ እሞ።" ቈሎ 2፥9

# የሱስ ብቅርጺ ስብ ኣምላኽ እዩ

"ቃል ብመጀመርታ ነበረ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ እቲ ቃልውን ኣምላኽ ነበረ . . . እቲ ቃል ስጋ ኾነ ጸጋን ሓቅን መሊኦዎ ኸኣ ኣባና ሐደረ።" የሃ 1፡1,14

"እዚ ኹሉ እቲ እግዚኣብሄር ብነብዩ እተዛረቦ ኺፍጸም ኩነ... እንሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ ስሙ ኸኣ ኣማኑኤል ኪብልዎ እዩም ትርጉሙ ኣምላኽ ምሳና እዩ።" ማቴ 1፥22−23

"ሕጻን ተወሊዱልና ወዲ ተውሂቡና እዩ እሞ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኩቡ እዩ ስሙውን ግሩም መካር ብርቱዕ ኣምላኽ ኣቦ ዘለኣለም መስፍን ስላም ኪስመ እዩ።" ኢሳ 9፡6

# የሱስ ክርስቶስ ፍጹም መሰዋእትና እዩ

"...ሓጢኣት ዘይፈለጠ..." 2ቆረ 5:21



"ንሱ ሓጢኣት ዘይገበረ..."
1ጴጥ 2:22

"ዝኾነ ስብ ዘቅርቦ መስዋእቲ ፈጺሙ ንሓጢኣት ክርሕቕ ብቁዕ ኣይኮነን። ማለት ደም ኣብዑርን ድቤላታትን ሓጢኣት ኬርሕቕ ኣይክእሎን እዩ።"
እብ. 10:4

የሱስ ገንሸል ኣምላኽ እዩ። "እንሆ! ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ።"
ዮሃ. 1:29

# የሱስ ንዓና ከድሕን ሂወቱ ሃበ

የሱስ ጨካናት ህዝቢ ስለ ዝጸልኦዎ ኣብዕንጨይቲ መስቀል ተሰመረ። እንተኹነ ናቱ ሞት ናይ ኣምላኽ ዓላማ ነበረ። የሱስ ብናቱ ፍታውን ድልየትን ብነጻ ንዓይን ንዓኻን ካብ ሓጢኣትና ከድሕን ሂወቱ ሀበ።

የሱስውን በለ "ባዕለይ እየ በጃ ዘሕልፉ እምበር ካባይ ዚወስዳስ የልቦን። በጃ ኸሕልፉ ስልጣን ኣሎኒ መሊሰ ኽወስዳውን ስልጣን ኣሎኒ።"

ዮሃ 10:18

ብደም ገንሸል ኣምላኽ ኢና ዝደሐንና

"...ከም ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዜብሉ ገንሸል ብኽቡር ደም ክርስቶስ እምበር ብጠፋኢ ነገር ብብሩር ወይስ ወርቂ ከም ዘይደሐንኩም ትፈልጡ ኢኹም።"

1ጴጥ 1:18–19


ናይ ሓጢኣት ስርየት ዘምጽእ ካልእ መስዋእቲ የለን

"...በቲ ሓንሳእ ንሓዋሩ ዚአክል እተሰውኤ መስዋእቲ ስጋ የሱስ ክርስቶስ ተቐዲስና እሎና።"

እብ 10:10

12 "...ሕጂ ብደሙ ምስ ጸደቕና ደኣ ክንደይ ካብቲ ቑጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን።" ሮሜ 5:9

"ጐይታይ ኣብ መንግስትኻ ምስ ትመጽእ ዘክረኒ።"



እዚ ገበነኛ ብየሱስ ስለ ዝኣመነ ደሓነ።

እዚ ስራቂ ብየሱስ ስለ ዘይ ኣመነ ኣይደሐነን።

"ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ኮም እትኸውን ብሓቂ እብ ለካ ኣሎኹ።"
ሉቃ 23:43

"...ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ።" ሮሜ 5:8

# ኩሎም እቶም ብወዲ ኣምላኽ ዝአመኑ ሂወት ኣለዎም


"ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ
ዝአመነ ኩሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ
ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ንወዱ
በጃ ኽሳዕ ዝህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።"

ዮሃ 3:16

"ንሱ ኻብ ስልጣን ጸልማት ዘውጽኣና ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱውን ኣእተወና። ኣብኡ ምድሓንና ማለት ሕድገት ሓጢኣት ዘሎና።"

ቆሎሴ 1:13-14

# "ንሱ ተንሲኡ እዩ!"



"እቲ መልአኽ መሊሱ ነተን ኣንስቲ በለን ንስኻትክንሲ ነቲ እተሰቕለ የሱስ ትደልያ ኸም ዘሎኹን እፈልጥ ኣሎኹ እሞ እይትፍርሃ። ከምቲ ዝበሎ ተንሲኡ እዩ እሞ ኣብዚ የሎን። ነታ ጐይታ ተነቢርዋ ዝነበረ ስፍራ ንዕነ ርአያ።"

ማቴ. 28፡5,6

# የሱስ ካብ ምውታት ምትንስኡ

"...እቲ ህያውን እየ እሞ...ሞይተውን ነበርኩ እንሆ ኸኣ ንዘለኣለመ ኣለም ህያው እየ መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ።" ራእ. 1:18

"...ኣነ ህያው እየ እሞ ንስኻትኩምውን ህያዋን ክትኮኑ ኢኹም።" ዮሃ 14:19

ክርስቶስ ንሞት ስለ ዝገዝኤ መርሖ ሞትውን ስለ ዘለዎ ድሕሪኡ ንሞት ክንፈርህ ኣየድልን።

"በቲ ዝፈርሃሉ ጊዜ ኣባኻ እውከል።" መዝ 56:3

(ገጽ 46 ንቃል ኪዳን እግዚኣብሄር ተመልከት።)

የሱስ ክድሕነካ እኽእል እዩ እጽልየልካውን ኣሎ

"...ንዘለኣለም ዚነብር ስለ ዝኾነስ ዘይሐልፍ ክህነት ኣለዎ። ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ ኩሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ ፈጺሙ ኼድሕኖም ይኽእል እዩ።" እብ 7:24,25

# ኣነን ንስኻን ናይ ዘለዓለም ህይወት ክህልወና ይኽእል እዩ




ኣየናይ መገዲ ትወስድ?

የሱስ ክርስቶስ እቲ መገዲ ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምስ ኣምላኽ እዩ።

ዲያብሎስ ወይከአ ስይጣን ናይ ሐዋሩ መገዲ ሞት እዩ።

እዚወዲ ቅኑዕ ምርጫ ይገብር ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወትውን የምራህ።

# ኣየናይ ትመርጽ?

"...ንመን ከም እተገልግሉ ... ሎሚ ሕረዩ ..." እያሱ 24:15

"...እምበኣርሲ ንስኻን ዘርእኻን ብህይወት ምእንቲ ኽትነብር ህይወት ሕረ።" ዘዳ 30:19

## መገዲ ዘለኣለም ህይወት የሱስ እዩ


"ብእኡ ኽንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን።"
ግብ.ሃዋ. 4:12

"ኣነ ኣነ እየ እግዚኣብሄር ብጀካይ መድሓኒ የልቦን።" ኢሳ 43:11

# ናይ ዘለኣለም ህይወት እንተደሊና ንምንታይ የሱስ ክንመርጽ ይግብኣና?

*1. እቲ ዝመጸ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ።*

"...ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረኽባ እየ ዝመጻእኩ።"
የሃ 10፡10



*2. ዘፍቀረናን ዝሞተልናን ክርስቶስ ስለ ዝኾነ።*

"...በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይውን ነፍሱ ዘሕለፈለይ ወዲ ኣምላኽ እየ።" ገላ 2፡20

የሱስ ሰብ ኮነ ስጋን ደምን ልክዕ ከማና ...

"... ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ምእንቲ ኺስዕር ንሱውን ድያብሎስ እዩ ንቶም ብፍርሃት ሞት ብዘሎ ዘመኖም ብባርነት ተታሒዞም ዝነበሩ ኩላቶም ሓራ ምእንቲ ኼውጽኦም ኢሉ ንሱውን በእኡ ሓበሮም።"

እብ 2:14-15

*3. ናይ ሓጢኣት መድሓኒት ደም የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ*

"... ነታ ነፍሲ ዜተዐርቓ እቲ ደም እዩ..." ዘለዋ 17:11

"... ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ።" 1ዮሃ 1:7

"ኣብኡ ምድሓንና ማለት ሕድገት ሓጢኣት ዘሎና።"

ቈሎሴ 1:14



*4. ካብ ሞት ዝተንስኤ ክርስቶስ*

*"...መሊሱ ኽም ዘይመውት*

ሞትውን ኣብኡ ኽም ዘይመልኽ

ፈሊጥና ንሕና ምስ ክርስቶስ ካብ

ሞት ናስ ምስኡ ድማ ብህይወት

ከም እንነብር ንኦምን ኣሎና።"

ሮሜ 6:9

"ድሕሪ ሕጂ እቶም ዘለው ነቲ ምእንትኦም ዝሞተን ዝተንስኤን
እምበር ንርእሶም ምእንቲ ኽይነብሩ ንሱ ኣብ ክንዲ ኩላቶም ሞተ።"

2ቆሮ 5:15

የሱስውን በለ "... ኣነ ህያው እየ እሞ ንስኻትኩምውን ህያዋን ክትኰኑ
ኢኹም።"

ዮሃ 14:19

*5. መንፈስ ክርስቶስ ኣባና ክህሉ ኣለዎ ናብ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክንትስእ።*

"... ክርስቶስ ኣባኻትኩም ተስፋ ኽብሪ እዩ።" ቈሎሴ 1፡27

"ናይ እቲ ንየሱስ ካብ ምውታት ዘተንስኤ መንፈስ ኣባኻትኩም ሐዲሩ እንተ ኣልዩ ግና እቲ ንክርስቶስ የሱስ ካብ ምውታት ዘተንስኦ ንሱ ነቲ መዋቲ ስጋኹምውን በቲ ኣባኻትኩም ሐዲሩ ዘሎ መንፈስ ገይሩ ህያው ኪገብሮ እዩ።" ሮሜ 8፡11

## ኣረጋግጽ መንፈስ ክርስቶስ ኣባኻ ምንባሩ

"... እቲ መንፈስ ክርስቶስ ዜብሉ ስብ ግና ንሱ ናቱ ኣይኰነን።" ሮሜ 8፡9

# ናይ ዘለአለም ህይወት ከመይገርካ ትርከብ

ካብ ገጽ 24
ጀሚሩ ዘሎ
መምርሒ
መስመረ
ተኸተል



"ቈልዓ እኳ ዕዮኡ
ቅኑዕን ንጹህን
እንተ ኾነ ብግብሩ
የፍልጥ።"
ምሳ 20፡11

"የሱስ ከም ዘፍቅረኒ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረኒ።"

"የሱስ ግና ጸዊዑ መንግስቲ ኣምላኽ ንኸምዚኦም ዝበሉ እያ እሞ ሕጻናት ናባይ ይምጽኡ ሕጸጉ ኣይትኸልክልዎም።" ሉቃ 18:16

"ከምኡ ድማ ካብዞም ናእሽቱ ሓደ ኺጠፍእ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ኣይኩነን። " ማቴ 18:14

መን ምኳንካ ወይ ኣበይ ከም እትነብር ብዘየገድስ የሱስ ይፈትወካ ምእንታኻውን መይቱ። የሱስ ናትካ ፍቅሪውን ይደሊ። ንእኡ ብም እዛዝውን ፍቅሪኻ ከተርእዮ ትኽእል።

"እተፍቅሩኒ እንተ ኼንኩምሲ ትእዛዛተይ ሓልው።" ዮሃንስ 14:15

# መገዲ ናብ አምላኽ ብኸመይ ከም እትረኽቦ

*1. ሓጢአተኛ ምኽንኻ ንእግዚኣብሄር ተአመን።*

"ከሎም ሓጢአም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም።" ሮሜ 3:23

*2. ናብ እግዚኣብሄር ብየሱስ ክርስቶስ ምጻእ።*

"ኣምላኽ ሓደ በይኑ እዩ እሞ እቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ማእከላይውን እቲ ሰብ ክርስቶስ የሱስ ሓደ በይኑ እዩ።"

1ጢሞቴዎስ 2:5

"ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ አቢሎም ናብ አምላኽ ዚመጹ ኩሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ ፈጺሙ ኼድሕኖም ይኽእል እዩ።" እብራውያን 7:25

"... ነቲ ናባይ ዚመጽእ ከአ ከቶ ንወጻኢ ኣይድርብዮን እየ።"

ዮሃንስ 6:37

*3. ሓጢኣትካ ተነሳሕ።*
(ምንሳሕ ማለት "ብቁዕ ጣዕሳ ጌርካ
ምሕጣእካ ምቁራጽ ማለት እዩ።")

"እምብኣርስኸ ሓጢኣትኩም ምእንቲ
ኺድምሰሰልኩም..." ግብ 3፡19-20

"ጐይታስ ከላቶም ናብ ንስሓ ኺበጽሑ
እምበር ሓደ እኳ ኺጠፍእ ዘይፈቱ ስለ
ዝኾነ ምእንታኻትኩም ይዕገስ ኣሎ..."
2ጴጥሮስ 3፡9




*4. ሓጢኣትካ ንየሱስ ተኣመኖ።* (ምእማን
ሓጢኣት ማለት "ምንጋር ወይ
ምቅባል" ማለት እዩ።)

ኣብዚ ዝስዕብ መስመር ካብ ገጽ 25 ኣብተን ዝጽልያ ኣእዳው እተጻሕፈ ጥቕሲ 1ዮሃንስ 1፡9 ጽሓፈን።

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________


*5. ምሕግእካ ኣቋርጽ።*

(ምቁራጽ ማለት ምሕዳግ ወይ ዘይምቅዳል እዩ።)

ገበኑ ዚኽውል አይስልጦን እቲ ዚናዘዞ እሞ ዚሓድጎ ግና ምሕረት ይረክብ።
ምሳሌ 28፡13

"...ካብ እከይ ርሐቕ ሰናይ ከአ ግበር።" መዝሙር 37፡27

## 6. ብየሱስ ክርስትስ እመን።



"ሓደ እኳ ኸይምካሕሲ
ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ
ብእምነት ብጸጋ ኢኹም
ዝደሓንኩም እዚ ኸኣ
ውህበት ኣምላኽ እዩ
እምበር ካባኻትኩም
ኣይኰነን።" ኤፌሶን 2፡8,9

"...ብኣፍካ የሱስ ጐይታ
ምዃኑ እንተ ነገርካ
ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ
ምውታት ከም ዘተንስኦ እንተ
ኣመንካ ክትድሕን ኢኻ።"

ሮሜ 10፡9

"... ብጐይታና የሱስ እመን
እሞ ንስኻን ቤትካን
ክትድሕኑ ኢኹም..."

ግብ 16፡31

## 7. ንየሱስ ክርስቶስ ኣብልብካን ሂወትካን ተቐበሎ። ማዕጾ ልብኻ ክፈትካ ንየሱስ ዓድሞ ክአቱ።



የሱስ በለ "እንሆ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣሎኹ። ሐደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ ናብኡ ኽአቱ ምስኡ ኽአ ክድረር እየ ንሱውን ምሳይ።"

ራዕይ 3:20

"ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሀቦም።"

ዮሃንስ 1:12

# መምርሒ ጸሎት

ቅድሚ ሕጂ ጸሊኻ ዘይትፈልጥ እንተኮንካ ሐገዝውን እንተደሌኻ ንምጽላይ እዚ ዚስዕብ መምርሒ ጸሎት ክትክተል ትኽእል ኢካ።



ዝኽበርካ ጐይታይ የሱስ፡–

ኤመስግነካ አሎኹ ሓጢአተይ ንምውሳድን ምርሐቅን ኢልካ አብ መስቀል ምእንታይ ስለ ዝሞት ካለይ። ብዝገበርኩዎ ጌጋይ እጠዓስን እጉህን አለኹ። በጃኻ አብልበይ እቶሞ ንዘልአለም አብኡ አቲኻ ክትነብር እሐተካ አሎኹ። ሕጂ ልበይ ከም እተንጽህ እአምነካ እየ። መድሐኒየይን ጐይታይን ገይረውን ንዓኻ እወስደካ አሎኹ።

ብሽም የሱስ ክርስቶስ አሜን።

# የሱስ ኣብ ልብኻ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣሎካ

"ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዝሃበና እቲ ምስክር እዚ እዩ እሞ እዛ ህይወት እዚኣ ኣብ ወዱ ኣላ። እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት ኣላቶ..."
1ዮሃንስ 5:11-12


"እቲ ንቓለይ ዚሰምዖን በቲ ዝለኣኸኒ ዚኣምንን... ንሱ ኻብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ..."
ዮሃ 5:24

"...ካብ ስጋ ምስ ግዒዝና ምስ ጐይታ ኽንነብርውን ባህጊ ኣሎና።"
2ቆሮ 5:8

"...ንሴዋን ክርስቶስ ኣባኻትኩም ተስፋ ኽብሪ እዩ።" ቈሎሴ 1:27

ንየሱስ ሓጢኣትካ ይቅረ ክብለልካ ሓቲትካዮ እንተኾንካ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣሚንካ ከም መድሓኒኻ ኣብዛ ታሕቲ መስመር ስምካ ጽሐፍ።

# ብኸመይ ጠቢቅካ ንየሱስ ክም እትስዕበ



ኣብ መመዓልቲ ጥቅስታት መጽሐፍ ቅዱስ ማለት ናይ እግዚኣብሔር ቃል ኣንብብ። ኣብ ልብኻውን ዕቁሮ ብምሽምዳድ ፍሉያት ጥቅስታት ክሕግዛኻ ዝክእላ። (ብዙሓት ካብዚኦ ንእስቶይ መጽሐፍ ኣሎኳ።)

"... ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ ንተግሳጽ ንምቕናዕ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ።"

2ጢሞቴዎስ 3:16

# ኩሉ ጊዜ ምስ የሱስ ብጸሎት ተዘራረብ



*ስለኹሉ ጽቡቕ ነገር ኣብ ህይወትካ ኣመስግን። ስለኹሉ ጽቡቕ ነገር ዝገበረልካን ነፍስኻውን ስለ ዘደሓነ ኣመስግን። ክህልወካ እትጸልዩ ነገርውን ለምኖ። ብየሱስ ስምውን ጸሊ።*

"ከምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተ ለመንናዮ ይሰምዓና እዩ..." 1ዮሃንስ 5:14

"... ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኽም ዚህበኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።" ዮሃንስ 16:23

"... ምእንቲ ንሓድሕድኩምውን ጸልዩ።" ያእቆብ 5:16

"... ስለቶም ዚጸርፉኹምን ዚስጉኹምን ጸልዩ።" ማቴዎስ 5:44

# የሱስ ንደቀመዛሙርቱ ዝመሃሮም ጸሎት

(ወደ መዝሙር ማለት ንየሱስ ዝሰዕብ እዩ።)

የሱስ ንደቀመዛሙርቱ ብኸምዚ መገዲ ክጽልዩ ነገሮም።

"ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ስምካ ይቀደስ። መንግስትኻ ትምጻእ። ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን። ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሀበና። ንሕና ንዝበደሉና ኸም ዝሐደግናሎም በደልና ሕደገልና። ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር ናብ ፈተና ኣይተእትወና። መንግስትን ሓይልን ክብርን ንዘለኣለም ናትካ እዩ እሞ ኣሜን።"

ማቴዎስ 6፥9,13

እዚ ጸሎት ብቃል ክጽናዕ ኣለዎ። ኣመንቲ ኩልግዜ ሐቢሮም ዓውኢሎም ይጽልይዎ እዮም።

# ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሄር
# ብኸመይ ከም እንነብር ይምህረና
(ኦሪት ዘጸአት 20)

*እተን ኣርባዕተ ብዛዕባ ፍቅሪን ኣምላኽ እየን።*

1. "ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣይሀልዉኻ። "
2. "ምስልን ስእሊ ዘበለ ንኣኻ ኣይትግበር። ኣይትስገደሎምን ኣይተገልግሎምን ድማ።"
3. "እግዚኣብሄር ስሙ ብኸንቱ ንዘልዐለ ኸይቀጽዔ ኣይሐድጎን እዩ እሞ ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይትልዐል። "
4. "መዓልቲ ሰንበት ክትቅድሳ ዘክር። "

*እተን ናይመወዳእታ ሽድስተ ብዛዕባ ፍቕሪ ንሰብ እየን።*

5. "ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር። "
6. "ኣይትቕተል። "
7. "ኣይትዘሙ።" (ምዝማው ብግበረስጋዊ ዘይእሙን ምኻን ናይ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ እዩ።)
8. "ኣይትስረቕ። "
9. "ኣብ ብጻይካ በሓሶት ኣይትመስክር።"
10. "ቤት ብጻይካ ኣይትተምነ።"

*ንኣምላኽ ምእዛዝ ጸሎት ካ ክምለስ ይገብር ንኣምላኽ ምእዛዝ መልሲ ጸሎት የምጽእ።*


"ንትእዛዛቱ እንሕሉን ኣብ ቅድሚኡ ባህ ዜብሎ እንገብርን ስለ ዝኾንና ነቲ እንልምኖ ዘበለ ኻብኡ ንቅበል ኢና።" 1ዮሃንስ 3:22

# እተን ክልተ ዝዓቢያ ትእዛዛት

## ፍቕሪ ንኣምላኽ

1. "የሱስ ከኣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብሙሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳባካን ኣፍቅሮ እዚኣ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እያ።" ማቴዎስ 22፡37,38

## ፍቕሪ ንሰብ




2. "እታ እትመስላ ኻልኣይታ ድማ ንብጻይካ ኸም ነፍስኻ ኣፍቅሮ እያ።" ማቴዎስ 22፡39 ዓሰርተ ትዕዛዛት ኩሉ (ገጽ 34 ን 35) ኣብ እቶም ክልተ ዓበይቲ ትዕዛዛት ዝተጠቓለለ እዩ።

# ፍቕሪ ካብ ኩሉ ዝዓበየት እያ

## ምዕራፍ ዓባይ ፍቅሪ

(1ቆረንጦስ 13:1–8:13)

1 ብቛንቋታት ሰብን መላእኽትን እንተ ዝዛረብ ፍቕሪ ኻብ
ዘይትህልወኒ ከም ዜድሂ አስራዚ ወይስ ጭልጭል ከም ዚብል
ጸናጽል ምኾንኩ። 2 ትንቢት እንተ ዚህልወኒ ኩሉ ምስጢራትን
ኩሉ ፍልጠትን እንተ ዝፈልጥ አኽራን ከሳዕ ዘግዕዝ ከአ ኩሉ
እምነት እንተ ዚህልወኒ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ ከንቱ ምኹንኩ
ነይረ። 3 ኩሉ ገንዘበይ ከኣ ንድኻታት እንተ ዝዕድል ስጋይውን
ንምንዳድ ኣሕሊፈ እንተ ዝህብ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ ሓንቲ
እኳ አይጠቕመንን እዩ።

4 ፍቕሪ ዓቃል እያ ፍቅሪ ለዋህ እያ ፍቕሪ ኣይትቀንእን ፍቕሪ
ኣይትጀሀርን ኣይትንፋሕን።

5 ኣይተስተሓፍርን ናታ ኣይትደልን ኣይትምረርን ኣይትቕየምን
እያ 6 ብሓቂ ትሕጎስ እምበር ብዓመጽ ባህ ኣይብላን። 7 ኩሉ
ትጻውር ኩሉ ትኣምን ኩሉ ተስፋ ትገብር ኩሉ ትዕገስ።
8 ፍቕሪ ከቶ ኣይተቋርጽን እያ። ትንቢት እንተሎ ንሱ ኺስዐር
ምዝራብ ቋንቋታት እንተሎ ንሱ ኺወዳእ ፍልጠት እንተሎውን
ንሱ ኺስዐር እዩ ማለት ሓደ ምቃል ንፈልጥ ኢና እሞ ሓደ ምቃል
ከኣ ንንበ።
13 ሕጂ ግና እምነት ተስፋ ፍቕሪ እዘን ሰለስተ እዚኣተን ይነብራ
ካብዚኣተን እትዐቢ ግና ፍቕሪ እያ።

## ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ

"... ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር።" 1 ዮሃንስ 4:16



(ኣብ ገዛ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ቤተክርስቲያን ኣብ ዝኾነ ቦታ።)

"የሱስ ግና ናብ ቤትካ ኣብ ስብካ ኺድ እግዚኣብሄር ከመይ ዝበለ ዓብዩ ግብሪ ኸም ዝገበረልካን ከም ዝመሐረካን ንገሮም በሎ..."

ማርቆስ 5፥19

# ሓቀኛ ወዲ ኣምላኽ ብኸመይ ከም ዝፍለጥ

"እምብኣርከ ብፍሪኦም ከተለልይዎም ኢኹም።" ማቴዎስ 7:20

"እቲ ፍረ መንፈስ ግና ፍቕሪ ሓጎስ ዕርቂ ዓቕሊ ለውሃት ሕያውነት እምነት ህድኣት ይኣኽለኒ ምባል እዩ። ነዚ ኸምዚ ዘመስለ ዚጻረሮ ሕጊ የልቦን።" ገላቲያ 5:22,23

## ሓቀኛ ወዲ ኣምላኽ ንኻልኦት ይቕረ ይብል

"ንስብ በደሎም እንተ ሐደግኩምሎም ንኣኻትኩም ድማ ናይ ሰማይ ኣቦኹም ኪሓድ ገልኩም እዩ።" ማቴዎስ 6:14

## እግዚኣብሄር ዝጸልኤን ሾውዓተ ነገራት

"ትዕቢተኛ ዓይኒ ሓሳዊት መልሓስ ንጹህ ደም ዜፍስሳ ኣእዳው እኩይ ምኽሪ እትፍሕስ ልቢ እኩይ ነገር ናብዘበለ ዚቕልጥፋ ኣእጋር ሓሶት ዚዛረብ ሓሳዊ ምስክር ኣብ መንጎ ኣሕዋት ባእሲ ዚዘርእ።"

ምሳሌ 6:17-19





"... ምንዝር ርኽስት (ማለት ጾታዊ ርክብ ኣብ ሞንጎ ዘይምርዑዋት) ዕብዳን ኣምልኾ ጣኦት ጥንቆላ ጽልኢ ባእሲ ቅንኢ ቁጥዓ ሻራ... ቅንኣት ቅትለት ዕስራን ጎይላ ከምዚ ዘመሰለ ኻልእውን. ... እቶም ከምዚ ዘመስለ ዚገብሩ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስዋ... እብለኩም ኣሎኹ፡፡" ገላቲያ 5:19-21

"...ግብሪ ሶዶም ዚገብሩ ሰረቕቲ ወይ ስሱዓት..." 1ቆረንጦስ 6:9-10

*የሱስ ብመንፈሱ ይምላእኩምን የንጽህኩምን*

"ገሌኹም ከኣ ከማታቶም ኔርኩም ግናኸ ብስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ብመንፈስ ኣምላኽናን ተሐጺብኩምን ተቐዲስኩምን ጸዲቕኩምን ኢኹም፡፡" 1ቆረንጦስ 6:11

# ህላዌ ሲኦል ርግጽ እዩ




(ሉቃስ 16፡19−26 ኣንብብ)

ንየሱስ ክርስቶስ ምእማንካ ኣረጋግጽ። ንሱ ሽምካ ኣብ መጽሐፍ ህይወት ከንብሮ እዩ።

"ዝኾነ ይኹን ኣብ መጽሓፍ ህይወት ተጽሒፉ ዘይተረኸበ ናብቲ ቐላይ ሓዊ ተደርበየ።"

ራእይ 20፡15

"ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከምዝሀበና እቲ ምስክር እዚ እዩ
... እዛ ህይወት እዚኣ ኣብ ወዱ ኣላ።" 1ዮሃንስ 5:11

"ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ
የሱስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ።" ሮሜ 6:23

"ብወዱ ዚኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣለቶ እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና
ቁጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር ንህይወት ኣይኪርእያን እዩ።"
ዮሃንስ 3:36

"የሱስ ከኣ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓዶ እኳ
ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን።" ዮሃንስ 14:6

# መንግሥተ ሰማይ ብርግጽ ህልዊ ቦታ እዩ

*ዮሃንስ ኣብ ራእይ 21 ሓድስ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ርእዩ።*

"ኣምላኽ ካኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ኪደርዝ እዩ። እቲ ቀዳማይ



ሓሊፉ እዩ እሞ ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይኪኸውንን ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን ወይ ጫውጫው ወይ ጻዕሪ ኣይኪኸውንን እዩ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። እቲ ኣብ ዝፋን እተቀመጠ ኸኣ እንሆ ንኹሉ እሐድሶ ኣሎኹ በለ።" ራእይ 21፡4–5

ብተወሳኺ ዮሃንስ እታ ቅድስቲ ከተማ የሩሳሌም ክትወርድ ከላ ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ ርእዩ።

"... እታ ኸተማውን ጽሩይ ወርቂ ኸም ጽሩይ መረጸን እያ እትመስል። መስረታት ቀጽሪ እታ ኸተማ ኸአ ብኽቡር እምኒ ዘበለ ተሰሊሙ እዩ ..." ራእይ 21፡18–19

"ልብኹም ኣይሸበር። ብኣምላኽ እመኑ ብኣይውን እመኑ። ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ። እቲ እንተ ዘይህሉስ ምበልኩኹም ነይረ። ስፍራ ኸዳልወልኩም እኸይድ ኣሎኹ። ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳሎኹልኩም ኣብቲ ኣነ ዘሎኽዎ ንስኻትኩምውን ኣብኡ ምእንቲ ኽትከውኑስ ተመሊስ ኽመጽእ እየ እሞ ናባይ ክወስደኩም እየ።"

ዮሃንስ 14፡1-3

እዚ ግሩም ብስራት ንካልኦት ንገር

የሱስ በሎም "ድማ ናብ ኩላ ዓለም ኪዱ ንብዘሎ ፍጥረት ከአ ወንጌል ስበኹሉ።"

ማርቆስ 16፡15

"ፍረ ጻድቕ ኦም ህይወት እዩ። ጥበበኛ ኸአ ነፍሳት ይረብሕ።"

ምሳሌ 11፡30

# ተስፋታት እግዚኣብሄር ንደቁ

"...ኣይክሐድገካን ዕሽሽውን ክቶ ኣይክብለካን እየ ..." እብራውያን 13:5

"ኣብ ኩሉ መገድኻ ኺሕልውኻ ንመላእኽቱ ኺእዝዘልካ እዩ።"
መዝሙር 91:11

"... ካብ ኢድ ኣቦይ ሓደ እኳ ኺምንዝዔን ዘኽእል የልቦን።"
ዮሃንስ 10:29

"... እንሆ ድማ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።"
ማቴዎስ 28:20



"... ነቲ ዚመጸካ መከራ ኣይትፍርሆ። ክሳዕ ሞት
እሙን ኩን ኣነውን ኣኽሊል ህይወት ክህበካ እየ።"
ራእይ 2:10

"... ኣብ ጸልማት እንተ ተቐመጥኩውን እግዚኣብሄር
ብርሃነይ እዩ።" ሚክያስ 7:8

"ጸውዓኒ እሞ ክመልስልካ ... እየ።" ኤርሚያስ 33:3

# የሱስ ክምለስ እዩ

*ነፍስወከፍ ሰብ ክትንስእ እዩ ካብ ሞት።*

"ኣብ መቓብር ዘለው ኩላቶም ድምጹ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ ሰናይ ዝገበሩ ናብ ትንሳኤ ህይወት እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኺወጹ እዮም እሞ በዚ ኣይትደነቑ።" ዮሃንስ 5:28,29



*እቶም ብ ክርስቶስ ዝሞቱ ቅድም ኪትንስኡ እዮም።*

"ድሕርዚ ንሕና ብህይወት ጸኒሕና ዘሎና ንምቅባል ጐይታ ኣብ ኣየር ምሳታቶም ሐቢርና ብደበና ኽንለዐል ኢና ከምኡውን ንሓዋሩ ምስ ጐይታ ኽንነብር ኢና።" 1ተሰሎንቄ 4:17

"እቲ ጊዜኡ መአዝ ምዃኑ ኣይትፈልጥዎን ኢኹም እሞ ተጠንቀቑ ንቕሑን ጸልዩን።" ማርቆስ 13:33



# የሱስ ብኸመይ ክምለስ እዩ?

"እንሆ ብደበና ይመጽእ ኣሎ ኩለን ኣዒንትን ኣቶም ዝወግእዎን ከኣ ኪርእይዎ እዮም..."

ራእይ 1:7

*ንቅሑ ካብ ሓሰት ክርቶሳትን ሓሰት ነብያትን።*

"... ገለ እንሆ ክርስቶስ ኣብዚ ወይ ኣብቲ እንተ በለኩም ኣይትእመንዎ። ... እንሆ ኣብ በረኻ ኣሎ እንተ በሉኹም ኣይትውጽኡ። እንሆ ኣብ ቤት ኣሎ እንተ በሉኹምውን ኣይትእመኑ።"

ማቴዎስ 24:23,26

የሱስ ብቅልጡፍ ብደመና ሰማይ ክምለስዩ።

"በርቂ ኻብ ምብራቕ በሪቑ ኽሳዕ ምዕራብ ከም ዚርኤ ምጽኣት ወዲ ሰብ ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ።... ሽዑ ትእምርቲ ወዲ ስብ ኣብ ሰማይ ኪርኤ ሽዑ ድማ ኹሎም ዓሌታት ኣህዛብ ምድሪ ...ብብዙሕ ሓይልን ግርማን ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ኺርእይዎ እዮም። "

ማቴዎስ 24:27:30

# መዝሙር ናይቲ ሓላው ኣባጊዕ

(መዝሙር 23)

1 እግዚኣብሄር ጓሳይየይ እዩ ዚገድለኒ የብለይን። 2 ኣብ
ልሙዕ ሸኻ የውዕለኒ ናብ ዝዐርፈሉ ማይ ይመርሓኒ።
3 ንሱ ንነፍሰይ የህድኣ ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ
ይመርሓኒ። 4 በትርኻን ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ ንስኻ
ምሳይ ኢኻ እሞ ብርባርባ ድነ ሞት እኳ እንተ ኸድኩ
ክፉእ ኣይፈርህን እየ። 5 ንስኻ ኣብ ቅድሚ ገጽ
ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ ንርእሰይ ብዘይቲ ትለኽዮ
ጽውኤይ ይጅርብብ ኣሎ። 6 ብሓቂ ሳህልን ምሕረትን
ብኹሉ ዕድመይ ኪስዕባኒ እየን ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ክኣ
ንዘልኣለም ክነብር እየ።

If you are interested in receiving additional Scripture booklets, write to the publisher.

**World Missionary Press, Inc.**
**P.O. Box 120**
**New Paris, IN 46553-0120 USA**



**ብነጻ ዝዕደል ዚይሽየጥ**

www.wmpress.org 12-17 2279 Tigrinya WTG